# ጸረ ምልኪ

ኪዳን ሰሚራ
ምልኪ ዓዊራ

ምልኪ ዝበላ ይበላ
ኪዳን'ሲ ፈጢሩላ

እነይ ዝበላ በላ
ምልኪ'ስ ተጸሊላ

ክሓድር ኢየ ኂይላ
ምልኪ ተእውይ ኣላ

ኪዳን ጸረ ምልኪ
ዎ ምልኪ ጠፋእኪ

ኪዳን ተወንጪፋ
ምልኪ ኣህተፍቲፋ

ኪዳን ኪዳን ኢሉ
ምልኪ ተዳሂሉ

ኪዳን ኪዳን ኪዳን
ከደት ምልኪ ዕብዳን

ኪዳን ዘይፈለጠ
ምስ ምልኪ ተዓበጠ

ኪዳን ተወሊዳ
ምልኪ ተዋሪዳ

ኪዳን ሰቢሓ
ምልኪ ላሕሊሓ

ኪዳን'ሲ ጎሪሓ
ምልኪ ተፈዲሓ

ኪደን በሪቓ
ምልኪ ዓሪቓ

ኪዳን ተቐልቂላ
ምልኪ ተጸሊላ

ኪዳን መጺኣ
መልኪ ወይልኣ

ኪዳን ኣፍሪያ
ምልኪ ኾሪያ

ኪዳን ሰላሊዓ
ምልኪ ነቢዓ

ኪዳን ሰኺማ
ምልኪ ተሓኺማ

ኪዳን ተፈሊጣ
ምልኪ ተዘቢጣ

ኪዳን ተዋፊራ
ምልኪ ሓፊራ

ኪዳን ተራሲና
ምልኪ ርእሳ'ድኒና

ኪዳን ተወሊዓ
ምልኪ ተቓሊዓ

ኪዳን በሪሃ
ምልኪ ፈሪሃ

ኪዳን ኣርኪባ
ምለኪ ተረኺባ

ኪዳን እግሪ ተኺላ
ምልኪ ነቀይ-ነቀይ ኢላ

ኪዳን፣ ንሰላም ወሲና
ምልኪ፣ ንሳስ ነይ ናህና

ኪዳን፣ ንሰላም ንዛተይ
ምልኪ፣ ኣነስ ብብረተይ

ኪዳን፣ እሞ ኣብኣ'ላትኪ
እንተ ሒሻትኪ

ምልኪ፣ ኣኔ እንታይ ከይወርደኒ
ኣሕሊፌ ዝ'ቦ ህዝቢ ኣለኒ
ኣኔ ኢዬ ኤርትራ ባዕለይ
ሙሉእ ህዝቢ ዝሞተለይ

ኪዳን፣ ካን ህዝቢ ኤርትራ ጥሪትካ ጌርካዮ
ተዓሚቱ ዝሓልፈልካ በብዝበልካዮ?
ሕጂ'ሽ ንመን ክተገርህ ኣይምሰልካ
ቀሪባ'ላ ክሳብ ማስጣ'ዚ ህዝቢ ዝወርደካ

**ኪዳን መርሓባ**
**ምልኪ ናብ ሩባ**

ብርሃኔ መ ተኸስተ
7 ጉምቦት 200